SANOFI

## ናይ ተሓካሚ ሓበሬታ

# ናይ ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ንዝወሰድኩም




Insulin lispro Sanofi®

እዚ በራሪ ፅሑፍ እዚ ዝጸሓፍናልኩም ሕማም ሽኮር ስለዘለኹምን ብሓኪም ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ስለዝተኣዘዘልኩም እዩ። ኩሎም ናይ ሽኮር ሕማም ሕክምናታት ዋና ዕላማ ብዝተኸኣለ መጠን ናይ ደም ሽኮር መጠን ምቁፅፃርን እቲ ሕሙም ፅቡቕ ስምዒት ክስምዖ ምግባር እዩ።

ብዛዕባ ናይ ሽኮር ሕማም ሕክምናኹም ዝኾነ ሕቶ እንተድኣ ሃሊኩም ንነርስ ወይ ዶክተርኩም ክትሓቱ ኣለኩም።

# ናይ ምግቢ ግዜ ኢንሱሊን ንምንታይ ይጠቕመኒ?

ኢንሱሊን፤ ሰውነትና ኣብ ደም ውሽጢ ዘሎ ናይ ሽኮር መጠን ንምቁጽጻር ዝሕግዝ ሆርሞን እዩ። ኢንሱሊን ብምውጋእ፣ ሽኮርያ ንዘለኩም ሰባት ኣብ ሰውነትኩም ውሽጢ ዘሎ ዐናይ ኢንሱሊን መጠን እኹል ዘይክኸውን ከሎ ናይ ሰውነትኩም ናይ ሽኮር መጠን ንምቕናስ ይሕግዘኩም።

**ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi** ብቐጥታ ዝሰርሕ ናይ ምግቢ ግዘ ኢንሱሊን ናይ ሰውነትና ተፈጥሮኣዊ ኢንሱሊን ይመስል። ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ካብቲ ናይ መውግኢ ቦታ ብቕልጡፍ ናብ ውሽጢ ሰውነትና ተወሲዱ ብቕልጡፍ እዩ ዝሰርሕ።


ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ብቅልጡፍ ዝሰርሕ ምዃኑ እዚ ናይ ምግቢ ግዘ ኢንሱሊንኩም ቅድሚ ምግቢን ድሕሪ ምግቢን ንክትወስድዎ የሕግዘኩም። ተወጊእኹም ምግቢ ንምምጋብ ክትጽበዩ የብልኩምን።

ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ምስ ምግቢ ተተሓሒዙ ዝፍጠር

ናይ ደም ሽኮር ሓፍ ምባል ይቆጻጸር ድሕሪ ዝተወሰኑ ሰዓታት ድማ ካብቲ ደም ይጠፍእ።

ምስ ጸኒሑም ዝሰርሑ ቤዛል ኢንሱሊን ማዕረ፣ ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ብደሕንነትን ተመቲኩምን ምስ ሽኮርያኹም ንክትነብሩ ዕድል ይህብ።

**ናይ ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ተግባር ክርቭ**




እዚ ክርቭ ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ብቅልጡፍ ከምዝጅምር የርኢ።

*መወከሲ፦ ናይ ኢሱሊን ሊስፕሮ Sanofi በራሪ ወረቐት ዕሹግ www.fass.se

# ከጋጥሙ ዝኽእሉ ጎናዊ ጽልዋታት

**ካብዚ ናይ ኢንሱሊን ሕክምና እንታይ ዓይነት ጎናዊ ጽልዋታት ከጋጥሙኒ ይኽእሉ?**

ኣብ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብምምርኳስ፣ ኣብ ደምኩም ምስ ዘሎ መጠን ሽኮር እንትነጻጸር ዝበለጸ ኢንሱሊን ሃሊካ ክትርከብ ትኽእል። ድሕሪኡ ካብቲ ልሙድ ዝተሓተ ናይ ደም ሽኮር ክህልወካ ይኽእል (< 3.5 mmol/l)። እዚ ኢንሱሊን ሰንሲቲቪቲ ይበሃል።

**ልሙድ ባህርያታት፥-**

- ጭንቀታት
- ናይ ጥሜት ስምዒት
- ምርሃጽ
- ልቢ ውቅዒትካ ምስማዕ
- ዝተዛብዐ ሕዋስ
- ናይ ምርኣይ ጸገም
- ብቐሊሉ ምብስጫው /ምዕንጫቕ
- ኣስቴንያ

**ናይ ኢንሱሊን ሰንሰቲቪቲ ምኽንያታት እዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ፥-**

- ናይ ምግቢ ምድንጓይ
- ንእሽተይ ምግቢ ምምጋብ
- ብዙሕ ኢንሱሊንን/ወይ ናይ ደም ሽኮር መቐነስቲ ከኒናታት ምውሳድ
- ኣካላዊ ምንቅስቓስ /ስልጠና (ዝዓበየ ወይ ካብ ዝተገመተ ንላዕሊ)
- ኣልኮል

ናይ ደም ሽኮር ንምዕባይን ኩሉ ግዜ ክትበልዑ ከምዘለኩም ዝስመዐኩም ስምዒት ንምጥፋእን። ናይ ደም ሽኮር ብቕልጡፍ ክበዝሕ ዝገብሮ ዴክስትሮዝ እዩ፣ ናይ ጽሟቕ ብርጭቆ ወይ ዝኾነ ጥዑም ነገር። ናይ ደም ሽኮር 3.0-4.0 mmol/l ምስ ንጹር ምልክታት ብዴክስትሮዝ፣ 1/2-1 ዴክስትሮዝ ከኒና ብ 10 kg ናይ ሰውነት ክብደት መጠን ብምሃብ ምሕካም ይከኣል። ብቕልጡፍ ናብ ሰውነት ንክሰራጨ ማይ ስተይ።

ምግቢ ቅድሚ ምምጋብ ምጅማርካ ግዘ ክወስድ ይኽእል፣ ተወሳኺ ምግቢ ከድልየካ ድማ ይኽእል። እዚ ስምዒት ብዙሕ ምግቢ ስለዝበላዕካ ኣይጠፍእን። ኢንሱሊን ሕክምና ኣብ ትከታተለሉ እዋን ኣዝዩ ጠቓሚ ምኽሪ ዴክስትሮዝ ሒዝካ ምሳኻ ዙር።

# ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ቅድሚ ምውጋእኩም

## ነዚ ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi በኣግባቡ ኣቐምጥዎ

ቪያላት ወይ ኣቐዲሞም ዝተመልኡ ብዕሪታት ኣብ ዘይተሰበሩ ዕሹጋት ኣብ መዝሐሊ ክኽዘኒ ኣለዎም፣ 2-8°C. ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ክዝሕል ኣለዎ። ምስ ፍሪዘር ክፋል ወይ በረድ ዕሹጋት ብቐጥታ ኣየራኽብዎ። ትጥቀሙሉ ዘለኹም ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi እንተበዚሑ ኣብ 30°C ይኽዘን ካብ ቁሪን ብርሃንን እውን ክሕሎ ኣለዎ። ምጥቃም ምስ ጀመርኩም ድሕሪ ኣርባዕተ ሰሙናት ዝተረፈ ኢንሱሊን እንተሃሊዩ ኣቐዲሙ ዝተመልአ ብዕሪ ኣወግዱ። ሓድሽ ቪያል ዘእተኹምሉ ወይ ሓድሽ ኣቐዲምካ ዝተመለአ መርፍእ ምጥቃም ዝጀመርኩምሉ ዕለት ብኽብረትኩም ጽሓፉ።

## ቅድሚ መጀመርያ ምጥቃምካ

ሓድሽ ቪያል ወይ ኣቐዲሙ ዝተመልአ ብዕሪ ክትጥቀሙ ክትጅምሩ ከለኹም፣ ሓደ ሰዓት ወይ ክልተ ሰዓት ቅድም ክትብሉ ካብቲ ፍሪጅ ኣውጽእዎ። ኣብቲ ቪያል ወይ ኣቐዲሙ ዝተመልአ ብዕሪ ዘሎ ኢንሱሊን ጽሩይ ምዃኑ ኣረጋግጹ (ሕብሪ ኣልባ፣ ኣሕሊፉ ዘርኢን ምንም ዝረአዩ ደረቓት ንጥረ-ነገራት ዘይብሉ ምዃኑ)። ናይቲ ኢንሱሊን መልክዕ ደመናማ እንተኾይኑ እቲ ቀዲሙ ዝተመልአ መርፍእ ደርቢኹም ካእ ሓድሽ ውሰዱ።

ደጊምካ ምጥቃም ዝከኣሉ ብርዒኹም ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ንምምላእ ናይቲ መርፍእ መምረቲ መምርሒ ተኸተሉ። ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ንምውጋእ ኩሉ ግዜ ሓድሽ መርፍእ ተጠቐሙ።

## ቅድሚ ምግቢ ምብላዕካ ዘሎ ናይ ደም ግሉኮዝካ ለክዕ

ብዛዕባ ናይ ጾም ግዘ ናይ ደም ሽኮርኩምን ድሕሪ ምግቢ ድሕሪ ክልተ ሰዓት ዝህልወኩም ናይ ደም ሽኮር መጠንን ጽቡቕ ፍልጠት ምህላውኩም ጠቓሚ እዩ። እዚ ምስ ዶክተርኩም ወይ ናይ ሽኮርያ ነርስኹም ተማኺርኩም ናይቲ ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ንምውሳኽ/ንምቕናስ ይጠቕመኩም።

ናይ ደም ግሉኮዝ መጠንካን ናይ ኢንሱሊን ዶዝካን ንምፍላጥ ብኽብረትካ ናይ ሽኮርያ ዳያሪ ተጠቐም።

# ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ብኸመይ ምውሳድ ይከኣል

ኣየናይ ናይ ኢንሱሊን መጠን ክውሰድ ከምዘለዎን ኣብየናይ ኣካል ሰብነትኩም ናይ ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ምውጋእ ከምዘለኹም ሓኪምኹም ወይ ናይ ሕማም ሽኮር ነርስ ሓበሬታ ክትህበኩም ትኽእል እያ።


ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ብትሕቲ ቆርበት ዝውሰድ ቅድሚ ምግቢ ወይ ድሕሪ ምግቢ ኣብ ውሽጢ (0-15 ደቓይቕ) ዝውሰድ ወይ ብተደጋጋሚ ናይ ትሕቲ ቆርበት ኢንፊዩዥን ፓምፕ ዝውሰድ ናይ ምግቢ ግዘ ኢንሱሊን እዩ።

**ክንደይ ናይ ምግቢ ግዜ ዶዝ ክወስድ ኣለኒ?**


እዚ በዞም ዝስዕቡ ምቁጽጻር ይከኣል:

- እንታይ ከም ትበልዑ።
- ቅድሚ ምግቢ ናይ ደም ሽኮርኩም ክንደይ እዩ።
- እንታይ ከም ትሰርሑ።

ብናይ ኢንሱሊን ኣወጋግኣ ሓድሽ ምኽሪ መሰረት፣ ናይ መውግኢ ቦታታትኩም ምቅይያር ከምኡውን ናይ ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ኣብቲ መውግኢ ቦታ ንሱ ምቅይያር ጠቓሚ እዩ። ካብዞም ዝስዕቡ ቦታታት ምረጽ፦



# ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi SoloSTAR





ምምላእ ኣብ ሓደ ግዜ ሓደ ዩኒት ምግባር ይከኣል።

# ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ከመይምጅማር ይከኣል

1

**እቲ ትኽክለኛ መድሓኒት ምሓዝኩም ኣረጋግጹ።**


ኢንሱሊን ሊስፕሮ Sanofi ሶሎስታር ደሚቕ ቀይሕ ናይ መውግኢ መጠወቒ ዘለዎ በዓል ብጫ ሕብሪ ብዕሪ እዩ።




3


**ሓድሽ መርፍእ ኣተሓሕዙሉ።**

ኣብቲ ትጥቀመሉ ዘለኻ መርፍእ ብምምርኳስ ነቲ መርፍእ ጥወዮ ወይ ክፈቶ።



2

እቲ መከላኸሊ መኽደን ነቚልኩም እቲ ኢንሱሊን ኣሕሊፉ ዘርኢ ከምዘኾነ ኣረጋግጹ።




**ኣስተውዕል!**

እቲ መርፍእ ከይተተሓሓዘ ዶዙ ከይትመልኡ ወይ እቲ ናይ መውግኢ መጠወቒ ከይተጥውቑ።

# ናይ ደሕንነት ምርመራ ቅድሚ ነፍሲወከፍ ምውጋእ ፈጽም

4

እቲ ናይ ዶዝ መምረጺ ብኣዘዋውራ ሰዓት ብምዝዋር ክልተ ዩኒት ግበርዎ። ደጋዊን ውሽጣዊን ናይቲ መርፍእ መሸፈኒ ኣወግድ።





5

መርፍእ ንላዕሊ ገጹ ጌርኩም ነቲ ብዕሪ ሓዝዎ።

ኣንጻር እዚ ናይ ኢንሱሊን መትሐዚ ብኣጻብዕትኻ ብምጽፋዕ ኣብ ውሽጢ ዘለዉ ናይ ኣየር እኩባት ኣውጽእዎም።


6

እቲ ናይ መውግኢ መጠወቒ ሙሉእ ብሙሉእ ድፍኣዮ። ካብቲ መርፍእ ኢንሱሊን ይወጽእ ምህላዉ ኣረጋግጹ እቲ ናይ ዶዝ መስኮት ድማ "0" ጽሑፍ የርኢ።




# እዚ ዶዝ መሊእኹም ተወግኣዩ


7 ዝተመረጸ ዶዝካ ምላእ። ክትወግኦ ካብ ዘለካ ዩኒት ሓሊፍካ እንተተተጠዊኻ፣ ናብቲ ትኽክለኛ ዩኒት ተመለስ።



8 ናይቲ ቆርበት ዕጻፍ ኣልዒልካ ወጊእኻ ክሳብ ትውድእ ዓጺፍካ ሓዞ። እቲ መርፍእ ናብቲ ቆርበት ዕጻፍ ኣእቲኻ ውጋእ።



9 ጸቒጥኩም ሒዝኩም ነቲ ናይ መውግኢ መጠወቒ ጠዊቕኩም ክሳብ 10 ቁጸሩ። ድሕሪኡ እቲ መርፍእ ነቒልካ ኣውጻዩ።



10 እቲ ደጋዊ መርፍእ ብምትሕሓዝ እቲ መርፍእ ንቐሎ። እቲ ተኣዚዝልካ ዝነበረ ካኑላ ኣወግዶ። እቲ ናይ መከላኸሊ ናብቲ SoloSTAR ብዕሪኹም ገጢምኩም ደሕንነቱ ብዝተሓለወ መልክዑ ከዝኑ።



**ኣስተውዕል!**

ድሕሪ ምውጋእኩም ኩሉ ግዘ ነቲ መርፍእ ኣውጺእኹም እቲ SoloSTAR ብዕሪ ብዘይ መርፍእ ከዝንዎ። እዚ ምብካል፣ ናይ ኣየር እኩባትን ናይ ኢንሱሊን ምፍሳስ ከይህሉ ከይፍጠር ይሕግዝ።

# ክትዝክሮ ዘለካ

Insulin lispro Sanofi®

## ብኣግባቡ ኣቐምጦ

### ቅድሚ መጀመርያ ምጥቃምካ

- ሓደሽቲ SoloSTAR ብዕሪታት ኣብ ፍሪጅ፣ ኣብ ጸልማትን ዛሕሊን (**2°C to 8°C**) ብዕሹጎም ኣቐምጥዎም።
- **ከይተድር ቐዎ።**

### መጀመርያ ድሕሪ ምጥቃምካ

- እዚ SoloSTAR ብዕሪ ኣብ ልሙድ መጠን ሙቐት ኣቐምጥዎ፣ **እንተበዝሐ ኣብ 30°C።**
- ኩሉ ግዘ ድሕሪ ምውጋእ ነቲ መርፍእ ኣውጽእዎ።
- ነዚ ናይ SoloSTAR ብዕሪ ብዘይ መርፍእ **ኣቐምጥዎ።** እዚ ምብካል፣ ናይ ኣየር እኩባትን ናይ ኢንሱሊን ምፍሳስ ከይህሉ ከይፍጠር ይሕግዝ።
- ነዚ SoloSTAR ብዕሪ ካብ ጸሓይን ሙቐትን **ሓልዉ።**
- ነዚ Solostar ብዕሪ መከላኸሊ ካፑ እንዳሃለወ **ክኽዘን** ኣለዎ።
- እዚ Solostar ብዕሪ እንተበዚሑ ን **4 ሰሙናት** ድሕሪ መጀመርያ ምጥቃምኩም **ተጠቐሙሉ።**

### እዚ ብርዒ ተንከባኺብካ ሓዞ

- ብዕሪኹም ዝተበላሸወ እንተመሲልኩም፣ ክተዐርይዎ **ከይትፍትኑ።** ሓድሽ SoloSTAR ብዕሪ ተጠቐሙ።

### ናይዚ ብርዒ ኣደረባብያ

- እቲ መርፍእ ቅድሚ እቲ SoloSTAR ብዕሪ ምውጋድኩም **ንቐልዎ።**
- ነቲ SoloSTAR ብዕሪ ግዜኣዊ ኣገባቡ ብዝብሎ መንገዲ **ክተወግድዎ** ኣለኩም።

ብዛዕባ ናይ SoloSTAR ብዕሪኹም **ሕቶ እንተሃሊኩም፣** ብ 020-52 68 87 ክትድውሉልና ነጻነት ይሰማዕኩም።

**Insulin lispro Sanofi®** (insulin lispro), injektionsvätska, lösning 100 enheter/ml.  Receptbelagt läkemedel. **Indikation:** Insulin lispro Sanofi används för behandling av diabetes och kan ges både till vuxna och barn. Det verkar mycket snabbt och under en kortare tid än lösligt insulin (2-5 timmar). Du ska normalt ta Insulin lispro Sanofi inom 15 minuter före eller efter en måltid. För ytterligare information, se www.fass.se. **Kontaktuppgifter:** Insulin lispro Sanofi tillhandahålls av Sanofi AB, Box 30052, 104 25 Stockholm, tel: +46 8 634 50 00, www.sanofi.se. Vid frågor om våra läkemedel kontakta: infoavd@sanofi.com
Läs bipacksedeln noga före användning.

**▼ Detta läkemedel är föremål för utökad övervakning. För ytterligare information se www.fass.se**




## ሕቶታት ብዛዕባ ናይ ሽኮርያ ምህርቲታትና፦

# 020-52 68 87

## insulin.se

ብዛዕባ ሽኮርያ ዝበለጸ ሓበሬታ ንምርካብ www.insulin.se ምርኣይ ትኽእሉ።
ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ናይ ሽኮርያ ጸብጻባት ኣብ fass.se. ምንባብ ትኽእሉ። ብርዒ ከመይ ምጥቃም ከምዝከኣል ዘርኢ. ናይ መምርሒ. ፊል ኣብ medicininstruktioner.se ምርካብ ይከኣል

**ብኽብረትካ ናይዚ በራሪ ወረቐት ሓበሬታ ብግቡእ ኣንብቦ።**

SANOFI

sanofi.se

SASE.ILI.18.12.0368, APRIL 2019